TIGRIGNA

ብናይ ስራሕ መሳቶና ዝተገብረ ገምጋምን ጽሟቕ ሓሳብን

# ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ (ELL)



ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርታውን ኣሰራርሓን ገምጋማት ብናይ ስራሕ መሳቶና( peer reviews) ኣቢሉ ኣካይዱ እዩ። እዚ ብናይ ሃገራዊ ብዓል ሙያታት ዝተገብረ ገምጋም ድማ ነቲ ጽቡቕ ንገብሮ ዘሎናን ነቲ ኪመሓሽ ዘለዎ ድማ ብኽመይ ከነመሓይሾ ከምዝግብኣናን ክሕብረና ክኢሉ እዩ።

ካብቶም መሳርሕቲ ዝተረኽበ ነፍሲ ወከፍ ርእይቶ ወይ ለበዋ ድማ ንምምሕድዳርና(ዲስትሪክትና) ናይ ስትራተጂክ ፐላን ኣሰራርሓ ሓበሬታ ብምሃብ ንነፍሲ ወከፍ ፕሮግራማት ለውጥን ምምሕያሽን ብምግባር ብሓፈሻዊ ንመጻኢ ዘሎና ራእይ ከምዕብል ይገብሮ እዩ። .

ናይ ሲያትል ከተማ ካብ ትምስረት ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ህዝብታት ካብ ኩሉ ዓለም ስሒባ እያ። በዚ ምኽንያት ድማ ናይ ሲያትል ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝዛረቡን ሓያሎ ዝተፈላለየ ክእለት ዘለዎም ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ኣገልጊላ እያ።

ንኣብነት ኣብ ናይ 2005-2006 ናይ ትምህርቲ ዓመት 23% ዝኾኑ ተመሃሮ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ነይሮም። ኣብ ሙሉእ ኣሜሪካ ክወዳደር ከሎ ድማ 9% እዩ። ካብዞም ተመሃሮ ብግምት 25% ተዛረብቲ ብቕደም ተኸተል ስፖኒሽ፣ቬትናሚዝ፣ካንቶኒዝ፣ታጋሎግን ሶማልን እዮም።

ነዞም ተመሃሮን ቤተሰቦምን ንምግልጋል ድማ ሲያትል ኣብ 56 ቤት ትምህርትታት ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምህርቲ ፕሮግራማት ክህልው፣ ዝምዝገቡሉ ድማ ናይ ባይሊንጓል ቤተሰብ ማእከል፣ ሓደ ናይ ካልኣይ ደረጃን ሰለስተ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ናይ ባይሊንጓል መላለይ ማእከላት ብምኽፋት ነቶም ኣብ ኣሜሪካ ሓደሽቲ ዝኾኑ ወይ ድማ ውሱን ናይ እንግሊዝኛ ክእለት ንዘለዎም የገልግል ኣሎ።

## ገምገምቲ

እዚ ብዛዕባ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ዝተገብረ መጽናዕቲ ካብ ኮሚቴ ናይ ዓበይቲ ከተማ ቤት ትምህርትታት (**Council of the Great City Schools.**) ብዝተዋጽአ ጉጅለ እዩ። እዚ ኮሚቴ ብ 1956 ዝተመስረተን 66 ኣብ ከተማ ዝርከቡ ዓበይቲ ናይ ህዝቢ ኣብያተ ትምህርትታት ዝሓቆፈ ሕብረት እዩ። እዚ ኮሚቴ ኣባል ንዝኾኑ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ምምሕድዳራት ብመጽናዕቲ፣ ብኮሚኒኬሽን፣ብስርዓተ ትምህርትን ብናይ ኣሰራርሓን ሓገዝ ዝህብን፡ ብዝሓለፉ ሓያሎ ዓመታት ዳርጋ 150 ዝኾነ ናይ ትምህርቲ፣ ኣማሓድራ፣ ኣሰራርሓን ገምጋም ገይሩ ኣሎ። ነቲ ዝተገብረ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ገምጋም እቲ ኮሚቴ ዝተፈላለዩ ተመሃሮ ዝርከብዎ ካብ ካልኦት ዓበይቲ ኣብ ከተማ ዝርከቡ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳራት ዝተፈላለዩ ናይ ስርዓተ ትምህርቲ መራሕቲ ጉጅለታት ብምቛም እዩ ገይርዎ።

## ጽሟቕ ሓሳብ

እቲ ገምጋም ዝገበረ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ኣብያት ትምህርቲ ምምሕድዳር መራሕቲ ንእንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ዝወሃብ ኣገልግሎት ንምምሕያሽን ንምድንፋዕን ንዘርኣይዎ ድሌት ብምንኣድ ከምቲ ሲያትል ናይ ዓለም ለኻዊ ማእከል ከም ምዃና መጠን ምስቲ ኩነታታ ዝሸይድ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ኣገልግሎት ንምድላው ቅድሚ ሕጂ ዘይተራእየ ዕድል ከምዘለዋ ሓቢሮም።ነገር ግን ብዝተፈላለየ መዳያት እንኮላይ 43% ዝኾኑ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ናይ ባይሊንጓል ኣገልግሎት ዘይምርካቦም፤ ኣብ ቤት ትምህርትታት ዝወሃብ ትምህርቲ ተመጣጣኒን ማዕረ ዘይምዃኑ፤ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ምዕባለ ኣብ ቀረባ ዓመታት እንዳነከየ ምምጻኡ ኣተሓሳሲብዎ ኣሎ።

እቲ ገምጋም ዝገበረ ኮሚቴ ሙሉእ ገምጋም ድሕሪ ምግባሩ ድማ 12 ዝኾኑ መዳያት ለበዋ ወይ ድማ ርእይቶ ሂቡ ኣሎ። እዚ ድማ ፕሮግራማት ምሕንጻጽ፣ስርዓተ ትምህርትን ከምኡውን ኣብግብሪ ምውዓል ዝኣመሰሉ ይርከብዎ። እቲ ኪግበር ዘለዎ ዝሕብር ለበዋ ኣብ ነፍስ ወከፍ ፕሮግራማት ብምሃብ ድማ እቲ ጉጅለ ሲያትል ንትህቦ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምርህቲ ኣገልግሎት ካብዚ ቀጺሉ ብዝቐረበ ርእይቶ ክትሓስበሉን ከተሕንጽጾን ሓሳብ ኣቕሪቡ ኣሎ ፤

- ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ከም ካልኣይ ቋንቋ ብምጥቃም ካብ ክፍሊ ኣውጺእካ ዝወሃብ ሓገዝ(ፑልኣውት) ኣጠቓቕማ ክውሕድ ዘኽእል ኣብ ኩሎ ቤት ትምህርትታት ዝራኽብ ዓይነት ስርዓተ ትምህርቲ ምሕንጻጽን ከምኡውን ሸልተርድ ኢንግሊሽ ፕላስ(ኮንቴንት ኢኤስኤል) ናብ ዝበሃል ሞዴል ምልዋጥ። ከምኡውን ናይ ተመሃሮ ትምህርቲ ንምምዕባል ናይ ክልተ ቋንቋ ዘለዎ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ኪወሃብ።
- እቶም ፕሮግራማት ብዝበለጸ ንተመሃሮን ቤተሰቦምን ብቐረባ ኪኾኑን ዝበለጸ መሰጋገሪ ንምፍጣርን ንተመሃሮ ናይ ምምራቕ ዕድላት ምእንቲ ኪጥዕም ናይ ባይሊንጓል መላለይ ማእከላት ኣቃውማኦም ምልዋጥ፤
- ሲያትል ዓለም ለኻዊት ኣፍደገ ከተማ ምዃና ንምንጽብራቕ ኣብ ኩሎም ቤት ትምህርትታት ንኹሎም ተመሃሮ ክፉት ዝኾነ ናይ ክልተ ቋንቋ ፕሮግራማት ዝሓዘ ትምህርቲ ምድላው።

## ኣገባብ መጽናዕቲ

እቲ ገምጋም ዝገበረ ኮሚቴ ኣብ 2008 መጀመርታ ከባቢ ክልተ ሳዕ ናብ ሲያትል መጺኡ ገምጋም ገይሩ። ኣብ 14 ቤት ትምህርትታት ዝርከቡ 100 ክፍልታት ተዓዚቦም፤ሰነዳትን ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ስርዓተ ትምህርቲ ማቴሪያላት መርሚሮም፣ ምስ መማህራንን ተሓጋገዝቲ መማህራንን ተራኺቦም፡ ምስ ኣመሓደርቲ ቤት ትምህርቲን ምስ ናይ ምምሕድዳር ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል መራሕቲ ተራኺቦም። እቲ ናይ መወዳእታ ሪፖርት ድማ ኣብ ነሓሰ(ኦገስት) 2008 ቀሪቡ።

### ናይ ገምጋም ውጽኢትን ኪመሓየሽ ዘለዎን ርእይቶ

እቲ ገምጋም ዝገበረ ኮሚቴ 12 ዝኸውን ዝተፈላለየ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ፕሮግራማት ኣጽኒዑ። ኣብዘን ነፍስ ወከፍ መዳያት ድማ ክመሓየሽ ዝግብኦ ሓቢሮም፤

#### ኣመራርሓን ስትራተጂክ ዝኾነ ኣንፈትን

እቲ ኮሚቴ ንናይ ሲያትል ኣመራርሓን ናይ ቦርድ ፓሊሲን ንኢዱ፡ ነገር ግን ሲያትል ንናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ፕሮግራማት ብዝምልከት ግሉጽ ዝኾነ ራእይ ወይ ስትራተጂ ከምዘይብሉን ንቤት ትምህርቲ ቦርድ ድማ ዝገብሮ ምዕባለ ንምሕባር ግሉጽ ኣሰራርሓ መገዲ ስለዘይብሉ ከምዘተሓሳሰቦም ገሊጾም። እቲ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ መራሕቲ ንናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ፕሮግራማት ግሉጽ ኣንፈት ኪህልዎን ነቲ ኣንፈት ድማ ምስ ናይ ስትራተጂክ ፕላን ምትግባር ኪሓብር ከምዘለዎ ገሊጾም።

# ናይ ገምጋም ውጽኢትን ርእይቶ ብዛዕባ ኪመሓሽ ዘለዎን(ዝቐጸለ)

**ሽቶን ተሓታትነትን፤** እቲ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ናይ ዓወት ጋግ ሽቶታት ብታሪኽ ኣብ ናይ ዓሌትን እቶትን እምበር ኣብ ናይ ቋንቋ መሰናኽላት ኣብ ግምት ከምዘየእተወ ሓቢሩ። ናይቲ ኮሚቴ ኣባላት ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ግሉጽ ዝኾነ ናይ ትምህርታዊ ዓወት ዕላማታት ብጉጅለ ቋንቋ ኪሕንጽጹን በብእዋኑ ድማ ቤት ትምህርትታት ኪግምገሙ ከምዘለዎም ሓቢሩ። እዚ ርእይቶ እዚ ምስቲ ኣብ ስትራተጂክ ፕላን ዝተሓንጸጸ ናይ ፍጻሜታት ማናጅመንት ስትራተጂ ዝሰምር እዩ።

**ፕሮግራማት ምሕንጻጽን ኣተገባብራን፤** እቲ ኮሚቴ ኣብ መንጎ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ዘሎ ናይ ዓወት ደረጃ ትሑት ከምዝኾነ ከምዘተሓሳሰቦ ብምግላጽ ሕጂ ኣብ ሲያትል ዝሰራሓሉ ዘሎ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምህርቲ ሞዴል ኣብ ናይ ትምህርታዊ ዓወት ኣትኩሮ ከምዘይብሉ ገሊጹ። እቲ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ብዘሎ ከተማኡ ግሉጽ ሽቶ ዘለዎን ንፍልልያት ኣብ ግምት ዘእትው ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምህርቲ ፕሮግራም ከዳልው ኣተሓሳሲቡ። ብፍላይ ድማ ናይቲ ጉጅለ ኣባላት ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ሕጂ ዝጥቀመሉ ዘሎ ካብ ክፍሊ ኣውጽእካ ሓገዝ ናይ ምሃብ ሞዴል ሒደት ኪኸውንን ናብ ናይ ሼልተርድ ኢንግሊሽ ፕላስ(ኮንቴንት ኢኤስኤል) ዝበሃል ሞዴል ክትካእን፤ ኣብ ናይ ከባቢ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ናይ ክልተ ቋንቋ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ዝህቡ ኣብ ዝተመርጹ ቦታታት ኪግበር ሃቢሮም።

**ስርዓተ ትምህርትን ኣመሃህራን፡** እቲ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ መራሕቲ ኣብ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ስርዓተ ትምህርቲ(ካሪኩለም) ብዛዕባ ዘርኣይዎ ተገዳስነት ብምንኣድ ነገር ግን ሕጂ ዘሎ ናይ ስርዓተ ትምህርቲ(ካሪኩለም) ማቴሪያላት ጊዜያዊን ምስ ናይ ስቴት መምዘኒታት ብዝበለጸ ኪተሓሓዝ ከምዘይተገብረ ሓቢሩ። እቲ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ጥምረት ዘለዎን ምስ ናይ ዲስትሪክት ዝሰማማዕን ካሪኩለም ኪሕንጽጽን ንመማህራንን ተሓጋገዝቲ መማህራንን ብኸመይ ንናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ተወሳኺ ሓገዝ ከምዝሕግዙ መምርሒ ኪወሃቦም ከምዘለዎ ሓቢሩ።. እቲ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ተመሃሮ ነቲ ብስቴት ደረጃ ዚወሃብ ናይ መምዘኒ ፈተናታት ድልዋት ምእንቲ ኪኾኑ ብቐዳምነት ኣብ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ሕሳብን ምንባብን ትምህርቲ ኣቕልቦ ኪገብር ኣተሓሳሲቡ።

**ጭብጥታትን ግምገማን፤** እቲ ኮሚቴ ብዛዕባ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ዝምልከት ጭብጥታት ካብቶም ካልኦት ተመሃሮ ዝተፈልየን እዚ ድማ ካብ ናይ ባይሊንጓል ፕሮግራም ምስ ወጹ ናይ ተመሃሮ ምዕባለ ንምክትታል ኣጸጋሚ ከምዝገብሮ ሓቢሮም። እቲ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ጭብጥታት ኣብኩሉ ቤት ትምህርቲ ዘቐምጠሉ ኣሰራርሓ ከጥርይ ሓቢሩ።

ናይ ፈተና ነጥቦም ኣብ ምክትታልን ተመሃሮ ኣብ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምህርቲ ፕሮግራማት ዘጥፍእዎ ጊዜ ከተኩር ከምዘለዎ ሓቢሮም።.

**ናይ ተመሃሮ ምደባ፤** እቲ ኮሚቴ ናይ ሲያትል ናይ ተመሃሮ ምደባ ፕላን መብዛሕቲኡ ጊዜ ነዊሕ ጉዕዞ ዘለዎን ንናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ውሱን ኣፋፍኖት ከምዘለዎ ዘለዎ ሓሳብ ገሊጹ። ከምኡውን ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ቤተሰብ ኣገልግሎት ኪረኽቡ ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ ቦታታት ቅጥዒታት ክመልኡ ከምዘለዎም(እንኮላይ ናይ ባይሊንጓል ቤተሰብ ማእከል) ሓቢሩ። እቲ ጉጅለ ከምኡውን ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ኣገልግሎታት ብቐሊሉ ክወሃብ ኣብ ኩሉ ናይ ዲስትሪክት ቦታ ክዝርጋሕ ከምዘለዎው ሓሳብ ሒቡ።t

**ሰራሕተኛታትን ስልጠናን፤** በዚ መዳይ እዚ እቲ ጉጅለ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ሰራሕተኛታት ቁጽሪ ምስ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ምምሕድዳራት ብምርእኣይ ንዘለዎም ቁጽሪ ንምውሳኽ ኣብ ግምት ከእትውዎ ከምዘለዎም፣ ዝያዳ ስልጠናን ምርሒትን ንኣመሓደርቲ ቤት ትምህርቲ፣ መማህራንና ተሓጋገዝቲ መማህራንን ኪህብ ከምዘለዎ ሓቢሮም።

**ተሓጋገዝቲ መማህራን፤** እቲ ኮሚቴ ንተሓጋገዝቲ መማህራን ንናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ፕሮግራም ዝጠቕሙ ከምዝኾኑ ብምሕባር፡ ናይ ተሓጋገዝቲ መማህራን ስራሕ ኣብ መንጎ ምምሃርን ምትርጓምን ዘሎ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ብንጹር ክፈላለ ከምዘለዎ ሓቢሮም።

**ናይ ባይሊንጓል መላለዩ ማእከላት፤** እቲ ኮሚቴ ሕጂ ዘሎ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ማእከላት ተመሃሮ ንነዊሕ ሰዓታት ኪጐዓዙ ዝገብሮምን ካብቲ ማእከል ናብ ቤት ትምህርቲ ኪሰጋገሩ ዝተወሰነ ሓገዝ ዝገብር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እዚ ሕጂ ዘሎ መዋቕር ከም ብሓድሽ ክዋቐር ከምዘለዎ ብምሕባር ናይ መባእታዊ ትምህርቲ ኣብ ኣብነታዊ ዝኾኑ ናይ ከባቢ ቤት ትምህርትታት ኪግበር፤ ካብ 6ይ ስጋብ 8ይ ክፍሊ ዘለው ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት ናይ ካልኣይ ዓለም ለኻዊ ካልኣይ ደረጃ ኮይኑ ተመሃሮ ነጥቢ ዝረኽቡሉን ኪምረቑሉን ዝኽእሉሉ ኪኸውን ሓቢሮም። ከምኡውን እቲ ምምሕድዳር ካብቶም ማእከላት ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ንምስግጋር ዘኽእል ንጹር ኣሰራርሓ ኪህልዎን ንባይሊንጓል ተመሃሮ ኣብ ናይ ትምህርታዊ ምድንፋዕ ኣቃልቦ ኪግበር ከምዘለዎ ሓቢሮም።

# ናይ ገምጋም ውጽኢትን ርእይቶ ብዛዕባ ኪመሓሽ ዘለዎን(ዝቐጸለ)



**ወለድን ኮሚኒቲን፡** እቲ ጉጅለ ሲያትል ብዛዕባ ንቤተሰባት ንምብጻሕ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕርታት ንኢዱ። ነገር ግን ብዙሓት ቤተሰብ ብዛዕባ እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎታት ሒደት ርድኢት ከምዘለዎም ብምሕባር ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ነቲ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ብምቕጻል ንዝተፈላለዩ ኮሚኒቲታት ክበጽሕ ሓቢሩ።

**ባጀትን ናይ ገንዘብ ምንጭታትን፤** እቲ ጉጅለ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ነቲ ዘለዎ ጻዕሪ ብዕጽፊ ክዛይድ ብምግባር ንእንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ፕሮግራማት ዘሎ ናይ ከባቢ፣ስቴትን ፌደራልን ገንዘብ ክጥቀመሉ ኣተሓሳሲቡ።

**ግቡእካ ምግባር፤** ምስቲ ዝተዋህበ ኣጠቓላሊ ለበዋታት እቲ ጉጅለ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ናይ ፌደራልን ስቴትን መምዘኒታት ሙሉእ ምኽባርን ኣብ ናይ ዝበለጸ ጽንኩር ዝኾነ ናይ ኣካዳሚክ ትምህርቲ ንምድሃብ ዝሕግዝ ሓድሽ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ሓበሬታ መጽሓፍ(ሃንድቡክ) ክዳለው ሓቢሩ።

## NEXT STEPS

ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ተመሃሮ ናይ መዓይይቲ ገምጋም ዝተገበረ ብምኽንያት ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ኣብዘካየዶ ናይ ስትራተጂክ ፕላን መስርሕ እዩ። “ንኹሉ ብሉጽነት” ዝተባህለ ናይ ስትራተጂክ ፕላን ንኹሎም ተመሃሮ ናይ ትምህርቲ ዕቤቶም ንምድንፋዕ ምእንቲ ኪሕግዝ ሕጂ ዘሎናዮ ኩነታትን ክነመሓይሾ ዝግብኣናን ከም ኣገዳስነቱ ንምፍላጥን ስጉምቲ ንምውሳድን እዩ። እቲ ስትራተጂክ ፕላን ብናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ኣብ ወርሒ ሰነ(ጁን)2008 ዝጸደቐን ኣብ ዝቕጽል ዓመታት ድማ ተግባራዊ ኪኸውን እዩ።

*Photographs © 2008 Susie Fitzhugh.*